# ዘይደሚ ልቢ

እወ ብግቡእ ደም ዘይጭንጉዕ
ንመጻምዱ ኣዳህሊሉ ዘዘንግዕ
ቆናኒ ውዲት መልሓሰኛ ስሱዕ
ኣካላቱ እናመተ ቱቱላ ዝወቅዕ
ብዘይ ጎይላ ንበይኑ ዘጉርዕ

ባህሊ እንተዝፈልጥዶ ኣነ ኣነ ምበለ
ዝሓብሓቦ ህዝቢ ፍጹም ነይመቃለለ
ኣብ ኣግነት:ኣጉዶ: ህድሞ ከምዘይኣጽለለ
ንፈልጠካ ኢና በልዎ ናይ ቃላት ወሓለ
ዝተውደደ መሳርዕ ዕርፉ ኣዝሊቑ ዘስፈለ
ሓላይ ህዝቢ ክመስል ክንደይ ከ ዘይኣሽካዕለለ

ወዳጆ ላዕሊ ታሕቲ ቀንጆውጆው
ኩምራ ቃላት ዘይተኣደነ ዓጆውጆው
ንመን ንምዝንጋዕ ኣድቢኻ በላበለው
ኣየውፍር ኣየእቱ ተነጻጺልካ ሸለውለው
ይኣክል ንበሎ ዝቐደመ ሃለውለው

ሕብረተ-ሰቡ ዝንዕቕ ማዕዶ ሰፊሩ
ዓቑሙ ዘይፈልጥ ይዛረብ ተገቲሩ
ክኢላ ክመስል ይጎዓዝ ኣንቃዕሪሩ
ኣባ ጎይላ ሓሶት ተንኮል መደበሩ
መንቂ ዝፍሕስ እከይ መጋብሩ

ኣስርሓዮ ኣእምሮኻ ዕድመኻ ምዘን
ኣማዕዱ ራህዋ ኣይትናፍቕ ሓዘን
ኣእዛንኪ ኣኩኺ ኣርሕቕኪ ጠምቲ
ዝቐደመ ይኣክል ብህዝቢ ኣይትጻወቲ
ደባሊቕኪ መምይ ኣእትውሉ ብመኽባዕቲ
ንፍትሓዊ መሰላት መሓዙትኪ ሞጉቲ

ቁልዒ ሓዊ የባርያ ንዱር ጣሻ
ዘይውዳእ ሓዘን ወግሐ-ጸብሐ ጋሻ
ርሑቕ`ዩ ስደት ኣይኮነን መገሻ
መሳርዕ ኣይሓርስን ብዘይማሕረሻ
ብዘይርኻብ ኣይድየብን ኮረሻ
ዘዕበየካ ህዝቢ ኣይብሃልን ዓሻ
ውዕሎ ህዝቢ`ዩ ኣይኮነን መናፈሻ
መልእኽቲ ኣይበጽሕን ብዘይኣድራሻ
ሕድገታት ልመድ ግበረሉ መጨረሻ

ወትሩ ዕግርግር ዘይጸረየ ዝራብዕ
ዕድመኡ ሓቢኡ ዘይኮነ ዘባኹዕ
ህዝቢ እናጸነተ ላዕሊ-ታሕቲ ከላኽዕ
ዘይደሚ ሕልና ተዓዲሉ ዘይሰምዕ
ብኣንነት ኢሰያስ ክወራዙ ከጣቕዕ

**ሓደ ገጽ ኢሰያስ ክንሱ ንመን ከረስዕ**
**ሓላይ ህዝቢ መሲሉ ንብዓት ሓርገጽ ክነብዕ**
**ብምቁር ቃላት ያኢ ሓድሽ ወለዶ ከዘንግዕ**
**ተ`ኹላ ተ`ኹላ`ዩ  ዋላ ይከደን ቆርበት በጊዕ**
**ኣይትነጻጸል ሓድሽ ወለዶ ብዋኒንካ ተዛዚተ ኣዋግዕ**
**ዝሓለፈ እከይ ተግባራት  ወግዶ  ይበልካ ፊግዕ**

**ገብረሂወት ወልደሚካኤል**
2010-08-17 **ስቶክሆልም**